ቤት ህንፀት መቐለ ንሕጊ ተሃነፅቲ ን2011ዓ/ም ንዓመት ማይን መብራህትን ብመንግስቲ ዝኽፈል ውዕሊ ኣሲሩ ከመግብ ዝደሊ ነጋዳይ ውዕሊ ክኣስርን ከምኡውን ሓደገኛ ሓፁርን ናይ ኤሌክትሪክ ንብረትን ናይ ፅሕፈት መሳርሒን ንብረትን ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክገዝእ ይድሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ሕዳር 19, 2011 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 5, 2011 4:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 5, 2011 5:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ ኤሌክትሪካልን መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኣቅርቦት ምግቢ / ካፌን ሬስትራንትን/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ሴኩሪቲይ ኢንፍራስትራክቸር/

1 ብምግብና ዝወዳደሩ ብናይ ምግቢ ኣቅርቦት ወይ ሆቴል ኣብቶም ካልኦት ዝወዳደሩ ድማ በቢ ስራሕ ዘርፎም ናይ 2010/2011 ዓ/ም ዝተሓደሰ ስራሕ ፍቃድን ናይ 2011 ዓ/ም መቅረባይነትን ኮፒ ከቅርብ ዝክእል።

2 ቲን መፍለዩ ቁፅሪ ዘለዎ ኮፒ ከቅርብ ዝክእል ከምኡድማ ቫት ተመዝጋቢ ዝኾነን ናይ ጥቅምቲ 2011 ዓ/ም ድክሌር ዝገበረ ፎቶ ኮፒ ከቅርብ ዝክእል፤

3 ተጫረቲ ጨረታ ቅድሚ ምክፋቱ መክበሪ ጨረታ ንምግብና 5000.00ብር ንሓደገኛ ሓፁርን ኤሌክትሪክን ፅሕፈት መሳርሒን ድማ 2000.00 ብር ብጥረ ገንዘብ ወይ ሕጋዊ ባንኪ ብዝተረጋገፀ ስፒኦ ከትሕዙ አለዎም።

4 ተወዳደርቲ ናይ ሐደ ዋጋን ጠቕለላ ዋጋን ምስቫቱ ዋጋ ተመሊኡ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ናይ ተጫረቲ ንፁር ኣድራሻ ማህተምን ፈርማን ብምግባር ኣብቲ ናይ ቤት ፅሕፈትና ሰነድ ጨረታ ዋጋመምልኢ ተመሊኡ ብ2ተ ፖስጣ ኦርጅናልን ኮፐን ነንበይኑ ብምዕሻግ ነዚ ጨረታ እዚ ተባሂሉ ኣብ ዝተዳለወ ሳፁን ኣብ ወከሰዕፉንምን ቢሮ ቁፅሪ 6 ከእትዉ ይክእሉ። ድሕሪ ናይ ጨረታ ሳፁን ምዕፃዉ ዝመፅእ ፖስታ ይኩን ሓሳብ ተቀባልነት የብሉን። ኣብ ናይ ባዕሉ ዋጋ መምልኢ ዋጋ መሊኡ ኣብ ሳፁን ዘእተወን ስርዝ ድልዝ ዝኮነን ፈርማን ማህተምን ዘይብሉ ካብቲ ጨረታ ውድቂ ይግበር።

5 ተጫረቲ ዝርዝር ሰነድ ጨረታ ዝገልፅ ካብ ዕለት 19/03/2011 ዓ/ም ክሳብ 05/04/2011 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ንምግብና ዘይምለስ 50.00 ብር እናከፈሉ፣ ንሓደገኛ ሓፁርን ኤሌክትሪክን ፅሕፈት መሳርሒን ዝወዳደሩ 30.00 ብር እነናኽፈሉ ካብ ደ/ ከ/ ስ/ ዕ/ ፋይ /ምም/ር/ን ቢሮ ቁፅሪ 6ተ ክወስዱ ይክእሉ። እቲ ጨረታ በቲ ዕለት ንሱ ሰዓት 4:30 ተዓፅዩ ሰዓት 5:00 ቅድሚ ሰዓት ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላት ኣብ ዝተረከብሉ ይኹን ኣብዘይተረከብሉ ይክፈት።

6 ኣብ ንሓደገኛ ሓፁርን ኤሌክትሪክን ፅሕፈት መሳርሒን 20% ክዉስክን ወይ ክቕንስ ይክእል እዩ።

7 ኣብ ምግብና ዝወዳደሩ ተወዳደርቲ ብዘይካ መብራህትን ማይን ኩሉ ናይ ሰራሕተኛታት ይኹን ካሊእ ወፃኢታት ብባዕሎም ይሸፈን።ብተወሳኺ መብራህቲ እንትጠፍእ ዕንፀይቲ ገዚኡ ብባህላዊ መጎጎ ወይ ብናይ ምሳሕን ድራርን ግራም መሰረት ባኒገዚኡ ወይ ነዳዲ ናይ ጀነሬተር ባዕሉ ብምሽፋን ብሰዓቱ ክምግብ ዝኽእል፤

8 ኣብ ከይዲ ጨረታ ከጭበርብር ምዝባዕን ዝፈተነ ተጫራቲ ካብ ጨረታ ውድቂ ኮይኑ ዘትሓዞ መኽበሪ ጨረታ ናብ ናይ መንግስቲ ካዝና ኣታዊ ተገይሩ ብሕጊውን ዝጥየቅ ምኟኑ ክፈልጥ ኣለዎ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

9 ሰዓሪ ትካል ዘከፈሎ ገንዘብ ንምግብና ልዕሊ 3000.00 ብር እንተኮይኑ ንኤሌክትሪክ ሓደገኛ ሓፁርን ፅሕፈትን ልዕሊ 1000.00 ብር እንተኮይኑ ዊዝ ሆልድ ታክሲ 2% ዝከፍል ምኻኑ ክፈልጥ ኣለዎ። እዚ ጨረታ ድሕሪ ምኽፋቱ ን30 መዓልቲ ፀኒዑ ይፀንዕ።

10 መስራቤትና ዘሐሸ መማረፂ እንተኪቡ እቲ ዝርዝር ንብረት ጨረታ ብክፈል ይኹን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ንተወሳኪ ሐበሬታ ብኣካል ወይ ብስልኪ ቁፅሪ 0344-411454 ምሕታት ይከኣል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle